# ክታበት ቲታነስ፣ ዲፍተርያ፣ ፐርቱሲስ (Tdap)
## Tetanus, Diphtheria, Pertussis (Tdap) Vaccine

ክታበት ኣብ ዝሓለፉ 50 ዓመታት ኣብ ካናዳ ኻብ ዝኾነ ይኹን ካልእ ናይ ጥዕና ስጉምቲ ንላዕሊ ህይወት ሰባት ኣድሒኑ እዩ።

### እቲ ክታበት Tdap እንታይ እዩ?

ክታበት ቲዳፕ ካብዞም ዝስዕቡ ዝከላኸል፦

- ቲታነስ
- ዲፍተርያ
- ፐርቱሲስ (ዓባይ ሰዓል)

ብጥዕና ካናዳ እቲ ክታበት ብጥዕና ካናዳ ተቐባልነት ረኺቡ እዩ ከምኡውን ከም ኣካል ናይቲ ውላድካ ዝረኽቦ ስሩዕ ክታበት ብነጻ እዩ ዝወሃብ። ቆጸራ ንምሓዝ ናብ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ደውል።

### ክታበት Tdap ክወስድ ዘለዎ መን እዩ?

እቲ ክታበት ቲታነስ፣ ዲፍተርያ፣ ፐርቱሲስ (Tdap) ንኹሎም ኣብ 9ይ ክፍሊ ዝርከቡ ተምሃሮ ዝወሃብ እዩ። እዚ ንህፃናት ኣብ ንኡስ ዕድሚኦም ካብዞም ሕማማት ዝተኸተቡ ቡስተር(መዕበዩ) ዓቐን እዩ። እቲ ቡስተር ዓቐን ንናይ ሕማም ምክልኻል ዓቕሚ የሐይሎ ወይ የዕብዮ እሞ ካብዞም ሕማማት ዝሓሸ መከላኸሊ ይህብ። ኣብ መበል 10 ዓመት ልደቶም ወይ ድሕሪ ልደቶም ናይ Tdap ክታበት ቡስተር ዓቐን ዝወሰዱ ህጻናት ኣብ 9ይ ክፍሊ ዓቐን ኣየድልዮምን እዩ።

ክታበት Tdap ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጥንሲ ንነፍሰጾራት ብነጻ ይምከርን ይወሃብን እዩ። እቲ ክታበት ብመሰረት ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ናይ Tdap ክታበት ታሪኽ ኣብ 27-32 ሰሙን ጥንሲ ክወሃብ ኣለዎ ግን ካብ 13 ሰሙን ጀሚሩ ክሳብ ሕርሲ ክወሃብ ይኽእል እዩ።

ዕድሚኦም 7 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ ህጻናት ከምኡ እውን ምሉእ ብምሉእ ዘይተኸተቡ ወይ ታሪኽ ክታበቶም ዘይተፈልጠ ዓበይቲ ሰባት እውን ነቲ ክታበት ክወስዱ ይኽእሉ እዮ።

ኣብ ግዜ ቁልዕነቶም ዝተኸተቡ ዓበይቲ ሰባት፣ ናይ Tdap ክታበት ቡስተር ዓቐን ክውሰድ ይምከር፣ ኮይኑ ግን ብነጻ ኣይወሃብን እዩ። እቲ ክታበት ክወስዱ ዝደልዩ ዓበይቲ ሰባት ኣብ ዝበዝሑ ፋርማሲታትን ናይ መገሻ ክሊኒካትን ክገዝእዎ ይኽእሉ እዮም።

ናይ ኩሎም ዝተረኸቡ ክታበታት መዝገብ ምሓዝ ኣገዳሲ እዩ።

### ክታበት Tdap እንታይ ረብሓታት ኣለዉዎ?

ክታበት Tdap ካብቶም ከበድቲ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ሞት ዘይተወለዱ ዕሸላት ዘስዕቡ ሕማማት ቲታነስ፣ ዲፍተርያን ፐርቱሲስን ንምክልኻል ዝበለጸ መንገዲ እዩ። እቲ ክታበት ክተኸተብ ከለኻ፣ ንኻልኦት እውን ክከላኸሉ ትሕግዝ።

### ድሕሪ እቲ ክታበት ክመጽእ ዝኽእል ግብረ-መልሲ እንታይ እዩ?

ክታበታት ኣዝዮም ውሑሳት እዮም። ካብዞም ሕማማት ብሓደ ካብ ምትሓዝ ነቲ ክታበት ምውሳድ ኣዝዩ ውሑስ እዩ።

ልሙዳት ግብረ-መልሲ ናይቲ ክታበት፣ እቲ ክታበት ኣብ ዝተወሃበሉ ቦታ ቃንዛ፣ ምቕያሕን ሕበጥን ከጠቓልል ይኽእል እዩ። ሕማም ርእሲ፣ ድኻም፣ ቃንዛ ጭዋዳታት ወይ መላግቦታት፣ ቁሪ ቁሪ ምባል፣ ዕውልውል ምባል፣ ውጽኣትን ቅልል ዝበለ ረስንን እውን ከጋጥም ይኽእል።

> ኣሰታሚኖፈን (ንኣብነት ታይለኖል®) ወይ ኢብዩፕሮፈን (ንኣብነት ኣድቪል®) ንረስኒ ወይ ቃንዛ ኽስምዓካ ኽሎ ክወሃብ ይኽእል እዩ። ASA (ንኣብነት ኣስፕሪን®) ጠንቂ ሕማም ረይ ሲንድሮም ክኸውን ስለ ዝኽእል ትሕቲ 18 ዓመት ንዝዕድሚኡ ዝኾነ ይኹን ሰብ ክወሃብ የብሉን።

ብዛዕባ ረይ ሲንድሮም ዝበለጸ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ኣብ HealthLinkBC ፋይል #84 ረይ ሲንድሮም ርአ።

ዝኾነ ይኹን ኽታበት ድሕሪ ምውሳድካ ን15 ደቓይቕ ኣብቲ ክሊኒክ ምጽናሕ ኣገዳሲ እዩ፣ ምኽንያቱ ኣዝዩ ሳሕቲ ዝረአ ተኽእሎ ኣሎ፣ ካብ ሚልዮን ትሕቲ 1፣ ኣናፊላክሲስ ዝበሃል ስግኣት-ህይወት ኣለርጂክ ግብረ-መልሲ ኣሎ። እዚ ድማ ቆፎ ኣፍልቢ፣ ጸገም ምስትንፋስ ወይ ምሕባጥ ጎሮሮ፣ መልሓስ ወይ

ከንፈር ከጠቓልል ይኽእል እዩ። እዚ ግብረ-መልሲ እንተተፈጢሩ፣ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ክሕክሞ ይኽእል እዩ። ህጹጽ ሕክምና ኤፒንፍሪን (ኣድሪናሊን) ምምሕዳርን ብኣምቡላንስ ናብቲ ዝቐረበ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ምትሕልላፍን የጠቓልል። ካብቲ ክሊኒክ ምስ ወጻእካ ምልክታት እንተተራእዮምካ፣ ናብ **9-1-1** ወይ ናብቲ ናይ ከባቢኻ ህጹጽ ቁጽሪ ደውል።

ኩሉ ግዜ ከቢድ ወይ ዘይተጸበኻዮ ግብረ-መልሲ ኣብ ጥዕናኻ ኣብ ዘጋጥመካ ንወሃቢ ክንክን ጥዕናኻ ጸብጻብ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ።

## እቲ ክታበት ክወስድ ዘይግብኦ መን እዩ?

ንስኻ ወይ ውላድካ ቅድሚ ሕጂ ዝወሰድካዮ መጠን ክታበት ቲታነስ፡ ዲፍተርያ ወይ ፐርቱሲስ(ዓባይ ሰዓል) ወይ ንዝኾነ ክፋል ናይቲ ክታበት ንህይወትካ-ዘስግእ ኣለርጂክ ግብረ-መልሲ እንተ ኣጋጢሙካ፣ ምስ ወሃቢ ክንክን ጥዕናኻ ተዘራረብ።

ክታበት ቲታነስ ካብ ዝወሰዱ ኣብ ውሽጢ 8 ሰሙን፣ ካልእ ጠንቂ ከይተለለየ፣ ጓይላን-ባረ ሲንድሮም (GBS) ዘጋጠሞም ሰባት፣ ክታበት Tdap ክወስዱ የብሎምን።

ጓይላን-ባረ ሲንድሮም (GBS) ሳሕቲ ዝረአ ሕማም ኮይኑ ውጽኢቱ ድማ ድኻምን ምልማስን ጭዋዳታት ኣካላት እዩ። ብበዝሒ ድሕሪ ረኽሲታት ዝኽሰት ኮይኑ፣ ኣብ ሳሕቲ ኣጋጣሚታት ግን ድሕሪ ገለ ክታበታት እውን ከጋጥም ይኽእል እዩ።

ብሰንኪ ሰዓል ወይ ካልእ ቀሊል ሕማም ኽታበት ምድንጓይ ኣየድልን። ይኹን እምበር፣ ዝኾነ ስክፍታታት እንተሃልዩካ፣ ምስ ወሃቢ ክንክን ጥዕናኻ ተዘራረብ።

## ቲታነስ፣ ዲፍተርያን ፐርቱሲስን እንታይ እዮም?

**ቲታነስ**፣ ሎክጃው ተባሂሉ ዝፍለጥ ኮይኑ፣ መብዛሕትኡ ኣብ ሓመድ ብዝርከብ ባክተርያ ዝመጽእ እዩ። እቶም ባክተርያ ብመቑረጺ፣ ምሕራር ወይ ብቁስሊ ናብ ቆርበት ምስ ዝኣትዉ፣ ኣብ ምሉእ ኣካላትና ዝርከቡ ጭዋዳታት ብቃንዛ ዝመልአ ምጽቃጥ ከስዕብ ዝኽእል መርዚ የፍርዩ። ጭዋዳታት ምስትንፋስ እንተተጎዲኦም ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ካብ 5 ሰባት ቲታነስ ዝተትሓዙ ክሳብ 1 ክመውት ይኽእል።

**ዲፍተርያ**፣ ብባክተርያ ዲፍተርያ ዝመጽእ ከቢድ ረኽሲ ኣፍንጫን ጎሮሮን እዩ። እቶም ባክተርያ ብሰባት ብምሕንጣስ ወይ ብምስዓል፣ ከምኡ እውን ብቐጥታ ካብ ቆርበት-ናብ-ቆርበት ብምርኻብ ብኣየር ይላባዕ። እቲ ሕማም ኣዝዩ ከቢድ ናይ ምትንፋስ ጸገም ከስዕብ ይኽእል እዩ። ድኻም ልብን መልመስትን እውን ከስዕብ ይኽእል እዩ። ካብ 10 ሰባት ብዲፍተርያ ዝሳቐዩ ኣስታት 1 ክመውት ይኽእል።

**ፐርቱሲስ** ዓባይ ሰዓል ተባሂሉ እውን ዝፍለጥ ኮይኑ፣ ብባክተርያ ፐርቱሲስ ዝመጽእ ከቢድ ረኽሲ ቱቦታት ኣየር እዩ። እቶም ባክተርያ ብቐሊሉ ብምስዓል፣ ብምሕንጣስ ወይ ድማ ብቐረባ ገጽ-ን-ገጽ ብምርኻብ ይላባዕ። ኒሞንያ፣ ዘውድቕ ሕማም፣ ጉድኣት ሓንጎል ወይ ሞት ከስዕብ ይኽእል እዩ። እዞም ሕልኽላኻት ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ዕሸላት እዮም ዝረኣዩ። ፐርቱሲስ ከቢድ ሰዓል ከስዕብ ይኽእል እዩ እዚ ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ቅድሚ ዝቕጽል ትንፋስ ብድምጺ ኪኽ ዝብል ይውዳእ እዩ። እዚ ሰዓል ንብዙሓት ኣዋርሕ ክጸንሕ ዝኽእል ኮይኑ ብበዝሒ ለይቲ ዝኽሰት እዩ። ካብ 170 ዕሸላት ሕማም ፐርቱሲስ ዝሓመሙ ኣስታት 1 ክመውት ይኽእል።

## ብሱል ንእሽቶይ ፍቓድ

ወለዲ ወይ ኣለይትን ደቆምን ንኽታበት ፍቓድ ንምርካብ ክመያየጡ ይምከር። ትሕቲ 19 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት፣ ንነፍሲ ወከፍ ኽታበት ዘለዎ ረብሓን ክህሉ ዝኽእል ግብረ-መልስን ከምኡ’ውን ክታበት ናይ ዘይምኽታብ ከምጽኦ ዝኽእል ሓደጋን ክርድኡ ዝኽእሉ፣ ብሕጋዊ መንገዲ ክታበት ክሰማምዑ ወይ ክነጽግዎ ይኽእሉ እዮም። ብዛዕባ ብሱላት ንኣሽቱ ፍቓደኛ ምኧን ተወሳኺ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ኣብ [HealthLinkBC ፋይል #119 ሕጊ ዕሸላት፣ ብሱላት ትሕቲ ዕድመ ፍቓደኛ ምኧንን ክታበትን] ርአ።

## ንዝበለጸ ሓበሬታ

ብዛዕባ ኽታበት ተወሳኺ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ፣ ኣብ [https://immunizebc.ca/] ርአ።

British Columbia ImmunizeBC

BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority